ጭው ዝበለ ምልኪ

# ሓሶትዶ ሓቂ ?

ኣብራሃም ተኽለ
ካልኣይ ሕታም
22.01.2008

እዛ ጽሕፈት እዚኣ ብ14 Dec. 2006 ዝጸሓኩዋ ኢያ፡ ግን ምስ እዚ ዝኸይድ ዘሎ መኸተ ንገበተ ዝብል እዋናዊ ጭርሖ ሕጊ ግደፍ ስለ እትኽይድ፤ ንገለ ካብኣቶም ከኣ እስከታ እንተ ተሰቀሮም ኢለ ደጊመ ዘውጽኣ ዘሎኹ ኢያ፤ ግን ከምቲ ምስላ ኣቦታት ዝብሎ **ፈሊጡ ዝደቀሰስ ሓርማዝ ነይንቕንቖ** እንድዩ ነቶም እናፈለጡ ዘጣቑዑኺ ክንደየናይ፤ ግን ገለ ዝተታለሉ ክህልዉ ስለ ዝኽእሉ ናብ ነብሶም እንተተመለሱ ኣይፍለጥን ኢዩ።

ቃልሲ ሕዝቢ ኤርትራ ኣብ ግዜ ብረታዊ ቃልሲ፤ መሬትን ሕዝብን ሓራ ምውጻእ ዝብል ዕላማ እኳ እንተነበሮ ቀንዲ ኣቶኩሮኡ ግን መሬት-ኤርትራ ናጻ ምውጻእ ኢዩ ነይሩ እንተበልኩ ካብ ሓቂ ዝርሓቁ ኣይመስለንን። ሕዝብና ካብ ዝፈትዎም ደቁ ክሳብ ሕወቱን፡ ንብረቱን፡ ፍልጠቱን ኣወፍዩ፤ ብምሉእ ሓይሉ ተዓጢቑ ናጽነት-መሬት ኤርትራ ኣረጋጊጹ ኢዩ። እንተኾነ ግን ካብ ግዜ ብረታዊ ቃልሲ ኣትሒዙ ክሳብ ሕጂ መሰረታዊ ሰብኣዊ ሓርነቱ ኣየረጋገጸን።

ስለምንታይ ንዝብል ሕቶ ብዓቕመይ ክትንትን ክፍትን ኢየ። ኣብ ግዜ ብረታዊ ቃልሲ ቀንዲ ኣቶኩሮ ሕዝባዊ-ቃልስና መሬት-ኤርትራ ናጻ ምውጻእ፤ ድኣ እምበር ኣብ ምርግጋጽ መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰላት ሕዝቢ ነይሩ ክበሃል ኣይከኣልን፤ በቲ ዝነበረ፡ ጸበባን፡ ብረታዐን ብረታዊ ቃልሲ ከኣ ኣብ ውሽጡ ንመሰሉ ክሓትትን ክቓለስን፤ ዕድልን፡ ግዜን፡ ኩነታትን እውን ኣየፍቀደሉን ነይሩ ክበሃል ይከኣል። ድሕሪ ናጽነት-መሬት ኤርትራ ነርክበሉ ዝብል ናይ ሓባር ተረድኦ ዝነበረ ኢዩ እዉን ዝመስል።

በዚ ምኽንያታት ከአ ዋላ ነቲ ኣብ ግዜ ቃልሲ ዝነበረ ምግሃስ ሰብኣዊ መሰላት ብመሪሕነት ሕ.ግ.ሓ. ኤ ይኹን ብናይ ካልኣት ውድባት መሪሕነት ኣብ ልዕሊ ሕዝብን ተጋደልትን ዓቢይ ኣቶኩሮ ዝተገብረሉ ኣይመስለንን። ስለዚ እቶም በቲ ግዜ እቲ ዝነበሩን ክሳብ ሕጂ እውን ዘለዉ መራሕቲ ከኣ ብዘይ ገለ ተሓታትነት መሰላት ህዝብን፡ ተጋደልትን እናገሃሱ፤ ንጉልበትን፡ ፍልጠትን ሕዝቢ ብዘይ ገደብ ብናጻ እናተጠቕሙ፤ ኣብ ናጽነት መሬት-ኤርትራ ተበጺሑ። እቲ ካብ ግዜ ብረታዊ ቃልሲ ኣትሒዙ ዝተለምደ ናጻ ጉልበት ሕዝቢ ምጥቃም፤ መሰረታዊ መሰል ሕዝቢ ምግሃስን ከኣ ክሳብ ሕጂ እውን እንተኾነ ብድሕሪ ናጽነት ይቕጽል ኣሎ።
**እዞም ሎሚ ስልጣን ሕዝቢ ገቢቶም ብሓይሎም ኣብ ስለጣን ዝነብሩ ዘለዉ ጠላማት፤ ሕዝቢ ብገርህነት ክቃለስ ከሎ፡ ኣብ ስልጣኖም ከመይ ኢሎም ከምዝነብሩ፤ መደባቶም ይሕንጽጹን፤ ሰዓብቶም ይዉድቡን ይምልምሉን ከምዝነበሩ ሎሚ ብግልጺ በሩህ ኮይኑ ኣሎ። ንኩሉ ንስልጣኖም ዕንቅፋት ክኾኖም ዝኽእል ሓይልን፤ ናይ ደሞክራሲ ሕቶታት ከልዕሉ ይኽእሉ ኢዮም ንዝብልዎም በላሕቲ ባእታታትን፤ ከኣ ብውሽጢ ውሽጥን፡ ብግህዶን ካብ ቀደም ክሳብ ሎሚ ናይ ምጽናት ስረሓቶም ይቕጽልዎ ኣለዉ።**

ንኣብነት ናይ 30 ዓመታት መቓልስቶም ደሞክራሲያዊ ሕቶታት ብምልዓሎም ዓመታት ኮይኑ ደሃይ ዘይብሎም ካብ ዝጠፍኡ፤ ከምኡውን ጋዘጠኛታት ናጻ ፕረስን ካልኣትን ወዘተ .......
ኣብ ግዜ ቃልሲ ይኹን ብድሕሪ ናጽነት ከኣ ከም ኩሎም ጸረ-ሕዝባዊ መንግስቲ ዝኾኑ ገበቲ ስልጣን ዝገብርዎ፤ ናቶም ፍሉይ ስትራተጅን፡ መደብን፤ ናይ ሕዝቢ ምድንጋር ስልቲ እውን ነይርዎምን ኣለዎምን።
ከም ኣብነት ንምጥቃስ ጽሑፋት ሕ.ግ.ሓ.ኤ ምልስ ኢልና እንተ ሪኢና፤ መራሕን ተመራሕን የለን፤ ኩሉ መምህር ኩሉ ተመሃራይ፤ ደሞክራሲያዊት ኤርትራ ምህናጽ ፤ ሕዝባዊ መንግስቲ ምትካልን ወዘተ ዝብል ብመዓር ዝተሸፈኑ ጭረሖታት ብዙሓት ኢዮም ነይሮም።

ብፍላይ እቶም ከምዚ ከማይ ኣብ ናይ ሓፋሽ ወዱባት ሕ.ግ.ሓ.ኤ ዝነበርና ከምዚ ሎሚ "ወያነ ዝብል ቅጽል ስም ከይተዋህበና"፤ ኣብ ወጻኢ ሃገራት እኹል ግዜን ምቹእ ናይ መነባብሮ ኩነታትን ዝነበረናን፤ ኣብቲ ናይ ሰውራዊ ትምህርቲ መደባትና ሰሙናዊ ኣኼባታትናን ክንደይ ግዜ እሞ ዘየኳማሳዕናዮ!፤ ኣብ ገገዛና እቲ ጽሑፋት እዉን ክህልወና ስለ ዝኽእል እስከ ምልስ ኢልና ኩሉ ቁዋማትን ፕሮግራማትን ሕ.ግ.ሓ.ኤ፤ በዓል መሪሕን ማሕታታትን፤ሓፈሻዊ ፖሊቲካዊ ትምህርትን ካልኦት ጽሑፋትን፤ ናይ ሽዑ ሃብሮም ኣቶ ኢሳያስ ኣፈወርቅን ብጾቱን ዝገብርዎ ዝነበሩ ቃለ መጠይቓትን ተመሊስና ንርኣዮ፤ ምስዚ ሕጂ ብድሕሪ ናጽነት መሬት-ኤርትራ ዝኸይድ ዘሎ ኩነታት ከኣ እስከ ነመዛዝኖ፤ ብሓቂዶ ኣብ ግብሪ ይትርጎም ኣሎ።

ዋላስ! መዓሽዊ ዓሻ ኮይኑ ኢዩ ተሪፉ !! ንሕናኸ ስለምንታይ ኣብ ግበሪ ዘይተተርጎመ ኢልና ዓው ኢልና ዘይመሕተቲናስ እንታይ ኮን ይኸውን፤ወይስ ካብ ቀደም ክሳብ ለይቲ ሎሚ ከም ፓፓጋሎ ዝተዋህበና ኣስተምህሮታትን ናይ ሓሶት መብጽዓታት ምድጋም ጥራይ ኢዩ ነይሩ ዕላማና !! ወይስ ዓባሳት ከም ኣባ ጎቢየ ኮይና ተሪፍና ማለት ኢዩ! ዘስደምም ነገር ኢዩ !!!!

ደሓን እስኪ ናይ ዘበን ቃልስስ ንዘበን ቃልሲ ንግደፎ ! ብድሕሪ ናጽነት እውን ናይ ህግደፍ ቻርተር ንርአ! እቲ ሃገራዊ ቁዋምና እውን ንመልከት ! ኣብ ክንደይ ኣደባባያትን ኣኼባታትን ባይቶን ሕዝቢ ተኻቲዑ ዘጽደቆ እንታይ ኮነ ስለምንታይ ኣብ ግብሪ ኣይተተርጎመን ኢሉ ኣብ ኣደባባይ ወጺኡ ዝሓተተ ብጣዕሚ ውሑድ ኢዩ! ብኣንጻሩ ኣብ ገዛ ገዛ ክቑዝምን ክራገምን ዝዉዕል ግን ብዙሕ ኢዩ።

ካብ ኩሉ ዘገርም ከኣ እቲ ዉድብ ህግደፍ ዝበሃል እውን፤ ስሙ □ህዝባዊ ግንባር ንዲሞክራስን ፍትሕን (ህግደፍ) ተባሂሉ ኢዩ ዝጽዋዕ። ግን ደሞክራሲ ኣይራኣና ! ፍትሒ ኣይረኸብና! ብዘይካ ግፍዕን ሕጊ-ኣልቦነትን! እቲ ስም ይመርሕ ጥዋፍ የብርህ! ዝተባህለ ምስላ ኣበው ከማን ኣብ ስም ህግደፍሲ ኣይሰርሐትን፤ ካብዚ ተበጊሰ ካብ ሕጂ ንደሓር ኣብ ክንዲ ህግደፍ ሕጊ ግደፍ ! ኢለ ክጽውዖም ኢየ። ስለምንታይ ግን ከምዚ ኮይኑ ተሪፉ ዝብል ሕቶ ሓደ ኣዕጋቢ መልሲ ክህብ ዝኽእል ኣካል የለን፤ ግን ይሕመቕ ይጸብቕ ናተይ ትንተናን ተረድኦን ከይሃበኩሉ ክሓልፍ ግን ኣይደልን።
ብርግጽ ኣነ እዉን ከም ሕዝበይ ንነዊሕ ዓመታት ብዝጭራሕ ዝነበረ ናይ ሓሶት ጭርሖታትን፤ ዝጸሓፍ ዝነበረ ናይ ምትላል ቅዋማትን ፕሮግራማትን፤ ኣብ ክንደይ ኣደባባይን ኣኼባታትን ዝወሃብ ዝነበረ ናይ ሓሶት መግለጽን፡ መብጽዓታትን ሓቂ መሲሉኒ ኣሚነዮ ተታሊለ ዝነበርኩ ግዝያት እውን ነይሩ ኢዩ።ከማይ ከኣ ንዝተወሰነ ግዜ ዝተታለለ ሕዝቢ ብዙሕ ከምዝነበረ ይኣምን።

ሎሚ ግን ካብ ግዜ ቃልሲ ኣትሒዙ ክሳብ ድሕሪ ናጽነት ዝተጻሕፈ ቅዋማትን፡ ፕሮግራማትን፡ መብጽዓታትን፡ ውሳኔታትን ሕዝቢ ብወግዒ ከምዝተጠልመን ከምዝተጣሕሰን፡ ጭው ዝበለ ምልካዊ ስርዓት ብወግዒ ከምዝነገሰን ብግብሪ ይረኣ ኣሎ። ነዚ ኣሉ ዝብል እንተሎ ግን ብጥቕሚ ወይ ብሽርሒ ወይ ከኣ ብፍርሒ ዝተገዝአ እንተዘይኮኑ ካልእ መግለጺ ክህልዎ ኣይክእልን ኢዩ በሃላይ ኢየ።
ኣብቲ ቀንዲ ሕመረት ጽሑፈይ ክምለስ፤ ሕዝብና ሎሚ ናብቲ ቀንዲ ናይ ቃልሱ መበገሲ ዝነበረ ናይ ሓርነት ቃልሱ ከቶኩር ይግብኦ፤ ነዚ ብሓይሉ ዝነገሰ ምልካዊ ስርዓት ካብ ስልጣኑ በርቁቑ እንተዘይተሓፉዎ ከኣ ፍረ ናይ ናጽነት ቃልሱ ንከንቱ ኮይኑ፤ ካብ ውግእ ናብ ውግእ ዕንክሊል ክብል ከሕልፎ ኢዩ፤ እዚ ከኣ ኣብ ብዙሓት ብምልካዊ ስርዓታት ዝመሓደራ ዝነበራን፡ ዘለዋን፡ ኣብ ሃገርና እውን ከይተረፍ ዝርአ ዘሎ ተሪእዮ ወይ ክውንነት ኢዩ።

ቀዳማይ ኣብነት ባህርያት ዲክታቶራት ንምጥቃስ፤ ሚሎሶቪች ናይ ሰርቢያ ንዘክር ኣብ ስልጣኑ ንክነብር ዓባይ ሰርቢያ ብዝብል ጭርሖ ንሃገሩ ኣብ ኲናት ኣንጻር ቦስኒያ፡ ኲርኣሽያ፡ ስሎቬንየን፡ ኮሶቮ ወዘተ ጠበሰ፤ ሕዝቢ ሰርብያ ከኣ ኣብ ዘየርብሖ ውግኣት ብምእታው ንብላሽ ደሙ ኣፍሰሰ፡ ክንደይ ንብረቱ ከኣ በረሰ፤ ኣብ መጨረሽኡ ከኣ ሚሎሶቪች ባዕሉ ብዝጻሕተሮ ውግእ መጥፊኡኡ ኮነ።
ካልኣይ ኣብነት፤ ሳዳም ሑሰን መሰል ሕዝቡ እናገሃሰ፤ መሰል ኣህዛብ ኣዕራብ ክሕሎ ኣለዎ እናበለ ይፍክር ነበረ፤ ንብዙሓት ኣሕዛበ ዓረብ ከኣ ኣታለለ፤ እስራኤል ካብ ገጽ ምድሪ ክትድምሰስ ኣለዋ እናበለ ከኣ ውግእ ኣንጻር እሰራኤል፤ ንሸሞንተ ዓመት ውግእ ኣንጻር ኢራን፡ ውግእ ኣንጻር ኲወይት፤ ውግእ ኣንጻር ሕዝቢ ኲርዲስታን፡ ወዘተ... ኣካየደ።ኣብ መጨረሽትኡ ግን ንሕዝቡ ኣብዚ እንሪኦ ዘሎና ኲነታት ደርብዩ፤ ንርእሱ ከኣ ንሞት ተፈርደ ።

ሳልሳይ ኣብነት ናይ ዲክታቶር ሰይድ ባረ ናይ ሶማል እውን ክጥቀስ ይከኣል፡ ኣብ ስልጣን ንክነብር ንሕዝቡ ብዓሌትን ወገንን ፈላለዩ፤ ዓባይ ሶማል ክንሃንጽ ኢና! ኦጋድየን ናይ ሶማል መሬት ኢዩ ብማለት ምስ ኢትዮጵያ ውግእ ከፈተ፤ መጨረሽትኡ ከኣ መጥፊኡኡ ኮይኑ፤ ንሃገሩ ከኣ ኣብ ድቕድቕ ጸልማት ራሕሪሑ፤ እዛ ዓውደ ውግእ ኮይና እንሪኣ ዘሎና ሶማል ኣውሪሱ ከደ።
ካብዘን ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስኩወን ሓጸርቲ ኣብነታት ብብሩህ ጠባያት ወይ ባህሪ ምልካውያን ስርዓታት ክንዕዘብ ንኽእል፤ ምልካውያን ኣብ ስለጣን ምእንቲ ክነብሩ፤ ንህዝቢ ውግእ ኣብ ነንሕደሕዱ፡ ውግእ ምስ ጎረባቢቱ ይእውጅሉ። ውርሽኦም ከኣ ከምዚ ኣብ ላዕሊ ከም ኣብነት ዝተጠቕሳ ሃገራት ይኸውን። ኣብ መጨረሽትኡ እውን ንርእሶም እንተኾነ ሕማቕ ታሪኽ ገዲፎም ንሃገሮምን ሕዝቦምን ኣብ ሽግር ደርብዮም ብሕማቕ ይጠፍኡ።

ኣነ ንሃገርና ኤርትራ ብወገነይ ናይ ሰርብያን፡ ዒራቕን፡ ሶማልን ኲነታት ኣይምነን፤ እንተኾነ ግን ሕዝብና ኣብ ውሽጢ ሃገር ዘሎ ይኹን ኣብ ስደት ዓይኑ ዓሚቱ፡ ኣፉ ሒዙ፡ እዝኑ ዓጽዩ፡ ስቕ እንተ ኢሉ ፡ ነዘን ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሳ ሃገራት ዘጋጠመን ከም ዘጋጥመና ብሩህ ኢዩ። ብዙሕ ተመሳሳሊ ተርእዮታት እዉን ኣብ ሃገርና ይረኣዩ ኣሎዉ።
ሃገርና ድሕሪ ናጽነት ሰላም ረኺባ ኣይትፈልጥን ካብ ውግእ ናብ ውግእ እናተሰገገረት ኢያ ትነብር ዘላ፤ ውሽጣዊ ጸገማታ ኣብ ክንዲ ምፍታሕ፤ ኣብ ናይ ካልኦት ሃገራት ጉዳያት ጣልቃ ምትእትታው እናበዝሓ ይኸይድ ኣሎ፤ ከም ድኻን ንእሽቶን ሃገር እውን ሰላም እምበር ውግእ ዘምጽኣልና ረብሓ የለን። ኣየዋጻኣናን እውን ኢዩ።

ጉዳይ ዶብ ጸወታ ጭርጭር ዓበደ ኮይኑ ያእይ መመኽነይታ ንመንእሰያት ኣብ በረኻ መስፈርን፤ መመኽነይታ ንናይ ቁጠባ ውድቀትን፡ መመኽነይታ ንመጉሓፊ ሕዝባዊ ቁዋምን፤ መመኽነይታ ንምልካዊ ስርዓትካ ምድልዳልን፤ መመኽነይታ መኸተ እናበልካ ገንዘብ መእከብን ! ኮይኑ ተሪፉ። ሃገርና ከኣ ብግህዶ ብናይ ሓደ ሰብ ድሌት ጥራይ ኢያ ትምራሕ ዘላ፤ዋላ ሓደ ንኢሳያስ ዝቋጻጸር ሕግን ሓይልን የሎን!። ኣብ ሃገርና ኤርትራ ፍትሕን ሕግን ለሚሱ፡ ቅዋም ተጓሒፉ፡ ሕጊ ኣልቦነት ኢዩ ነጊሱ ዘሎ!
ስለዚ ብሓጺር ኣዘራረባ ናጽነተ-መሬት ሃገረ ኤርትራ ብዘይካ ንዉሑዳት ጀነራላትን ኮረነላትን ሰዓብቶምን ንሓፋሽ ሕዝብና ዘምጽኣሉ ረብሓታት ሓርነት ክሳብ ሕጂ ዋላ ሓንቲ የለን።ስለዚ ሕልሚ ሓርነት ሕዝብና ንግዜኡ ብምልካዊ ስርዓት ሕጊ-ግደፍ ኢዩ ተተኪኡ ዘሎ።

ሕዝብና ከኣ ካብዚ ምልካዊ ስርዓት ሕጊ-ግደፍ ናጻ ወጺኡ ምሉእ ሓርነቱ ክጓናጸፍ እንተደልዩ መዓንጥኡ ሸጥ ኣቢሉ ብዝሓነነ መልክዕ ተቓሊሱ ሓርነቱ ከረጋግጽ ኣለዎ ዓወቱ ከኣ ይንዋሕ ይሕጸር ብዘይየገድስ ናይ ግድን ኢዩ ይብል።